ማሕበር ኣክስዮን ኮንስትራክሽን፣ ንግድን ኢንዳስትሪን ሆርን ኣፍሪካ ኣብ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ዓዲሓቂ (2B+G+15) ፣ ሓወልቲ (2B+G+15) ፣ ሓድነት (B+G+8) ዝርከቡ ፕላን ዝፀደቐሎም ናይ ሪል እስቴት ፕሮጀክት ስራሕቲ ህንፀት ንሰለስቲኦም ቦታታት ብሓደ ደረጃ ሓደ ኣማኻሪ (ኮንሰልታንት) ስራሕቲ ክለሳ ዲዛይን፣ ውዕሊ ምሕደራን ሱፐርቪዝንን፣ ተቐፃፀሪ ፅሬት ስራሕቲ ህንፃ ንምስራሕ ስለ ዝደለና

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥሪ 8, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 22, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:100,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:500.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 22, 2017 5:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኢንጅነሪንግ ዝዛመድ ኮንሳልታንሲይ/

ዕለት:- 07/05/2017

ቁፅሪ:- HACTI 853/2017

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ስራሕቲ ምምኻር ግልጋሎት

ማሕበር ኣክስዮን ኮንስትራክሽን፣ ንግድን ኢንዳስትሪን ሆርን ኣፍሪካ ኣብ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ዓዲሓቂ (2B+G+15) ፣ ሓወልቲ (2B+G+15) ፣ ሓድነት (B+G+8) ዝርከቡ ፕላን ዝፀደቐሎም ናይ ሪል እስቴት ፕሮጀክት ስራሕቲ ህንፀት ንሰለስቲኦም ቦታታት ብሓደ ደረጃ ሓደ ኣማኻሪ (ኮንሰልታንት) ስራሕቲ ክለሳ ዲዛይን፣ ውዕሊ ምሕደራን ሱፐርቪዝንን፣ ተቐፃፀሪ ፅሬት ስራሕቲ ህንፃ ንምስራሕ ስለ ዝደለና በቲ ዘፈር ዝተሓደሰ ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዎም ኣማኻርቲ ትካላት ተወዳደርቲ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይዕድም።

ተጫረቲ ከማልእዎም ዝግብኡ

1. ኣብ ስራሕቲ ክለሳ ዲዛይን፣ ውዕሊ ምሕደራን ሱፐርቪዝንን፣ ተቐፃፀሪ ፅሬት ስራሕቲ ህንፃ ብሓፈሻ ኣብዚ ዘርፊ ስራሕ ግቡእ ብርኪ ፍቓድ ዘለኩም ኣማኸርቲ ትካላት ጥራሕ ክትጫረቱ ይዕድም፤

2. ዝተሓደሰ ናይ 2017 ዓ.ም ናይ ኣማኻሪ ፍቓድ ስራሕ ወይ ምዝገባ ምስክር ወረቐት፣ ናይ 2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ስራሕ፣ ናይ ተወሳኺ እሴት ታክስ ሰርተፊኬት፣ ቲን ቁፅርን ካልኦት ኣገደስቲ ዝበሃሉ ሕጋዊ መረዳእታታትን ፎቶ ኮፒ ኣተሓሒዙ ዘቕርብ፤

3.በቲ ናይ ተወሳኺ እሴት ታክስ ኣዋጅን መምርሕን ብመሰረት ዝእዝዞ ናይ ወርሒ ሕዳር 2017 ዓ.ም ፀብፃብ(ቫት ዲክላሬሽን) መረዳእታ ዘቕርብ፤

4. ብኣማኻሪ ግልጋሎት፣ ክለሳ ዲዛይን፣ ውዕሊ ምሕደራን ሱፐርቪዥን፣ ተቐፃፀሪ ፅሬት ስራሕቲ ህንፃ ብርኪ ሓደ ኮንሰልታንት ፍቓድ ዘለዎ።

5. ድሌት ዘለኩም ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈትና ኣብ ከተማ መቐለ ጥቃ ኣክሱም ሆቴል ዝርከብ ሰላም ሲቲ ሴንተር ህንፃ ሓምሻይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 505 ዘይምለስ ብር 500.00 (ሓሙሽተ ሚኢቲ) ብምክፋል ክገዝኡ ይኽእሉ፤
6. እቲ ጨረታ ክፍቲ ኮይኑ ዝፀንሐሉ ግዘ ክሳብ 22/05/2017 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ረፋድ ኾይኑ ቀዳም ቅድሚ ሰዓት ሓዊሱ ኣብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ዘለው ኩሎም ናይ ስራሕ መዓልትን ሰዓትን ምኻኑ ፈሊጦም ሰነድ ጨረታ ምዕዳግ ይኽእሉ።

7. ተጫረቲ ሰነድ ጨረትኦም ቴክኒካልን ፋይናንሻል ንነኒ በይኑ ዶክመንት ሓደ ዋና፣ ክልተ ፎቶ ኮፒ ጨረታ ሰነዳት፣ ናይ ስራሕ ኣማኸርቲ ዝተውሃበ ምዝገባ ካርድ፣ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ፣ ንግዲ ምዝገባ ምስክር ወረቐት፣ መቕረባይነት ምዝገባ ስርቲፊኬት፣ ናይ ቫት ምዝገባ ምስክር ወረቐት፣ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ናይ ቫት ዲክላሬሽን ፣ ናይ ቲን ምዝገባ መረዳእታ፣ ውሕስና ጨረታ/ቢድ ቦንድ/ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታታት ብምዕሻግ መሊሶም ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብቲ ልዕሊ ፖስታ ሽም ዝጫረትሉ ፕሮጀክትን ኣድራሻን ብዝረአ ቐለም ብምፅሓፍ ንቤት ፅሕፈትና ክሳብ ዕለት 22/05/2017 ዓ/ም ሰዓት 4:30 ናይ ቅድሚ ቐትሪ ብኣካል ብምምፃእ ከእትዉ ይኽእሉ፤

8. እቲ ጨረታ ኩሎም ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ወይ ወኪል እንተድኣ ዘይተረኺቦም እውን እንተኾነ ዕለት 22/05/2017 ዓ.ም ልክዕ ሰዓት 4:30 ናይ ቅድሚ ቐትሪ ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት 22/05/2017 ዓ.ም ልክዕ ሰዓት 5:00 ናይ ቅድሚ ቐትሪ ኣብ ቤት ፅሕፈትና ክኸፈት እዮ።

9. መኽበሪ ጨረታ ብር 100,000.00 /ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር/ ካብ ዝተፈለጠ ኣብ ከተማ መቐለ ዝርከብ ባንኪ ንልዕሊ 60 መዓልቲ ዝፀንሕ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ውሕስና ወይ ሲፒኦ ከትሕዙ ይግባእ።

10. ትካልና ካልእ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፤

11. ካልኦት ኣብዚ ምልክታ ጨረታ ግልፂ ዘይኮኑ ሓበሬታ እንትህልዉ ኣብ ጨረታ ሰነድ ብዝርዝር ምርኣይ ይከኣል።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0914-035382/0914-706122 ምርካብ ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle